8. ኽተሓባበር እየ።

እግዚኣብሄር ኣቦን፣ እግዚኣብሄር ወድን፣ እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ክነሰምል፣ ነፍስወከፎም ነናቶም ዝኾነ ፍሉይ ተራ እናተጻወቱ፣ ብፍጹም ስኒትን ሓድነትን ይሰዩ። እዚ ዘለዎም ምትሕብባር ዝመልኦ መራሕነት ድማ፣ ኣብ ሓድሕዳዊ ምግዝዛእን፣ ኣብቲ ዝተዋህቦም ዉልቃዊ መዚን ሓላፍነትን ዝተመርኮሰ እዩ። ነቲ ስላሴ ዝሓንጸጽዎ ምትሕብባር ዝመልኦ ቅዲ መራሕነት፣ ከም ኣብነት ገይረ ክስዕብ እደልይ። ምስ መገላግልተይ ዚኾኑ መራሕቲ እናገግልገልኩን፣ብስኒት እናተሓብበርኩን ንክዓቢ ዘኽእለኒ ጸጋ ክረክብ እልምን (እጽልይ)። (ማቴ 28፣16-20, ዮሃ 5፣22-23, ዮሃ 16፣ 13-15, ዮሃ 17፣21, ግብ 13፣ 1-3, ሮሜ 8፣ 14-17)

9. ንዝወሃበኒ ገንዘብ ብተኣማንነት ከማሓድር እየ።

የሱስን ሃዋርያትን፣ ነቲ በሓላፍነት ዝተዋህቦም ገንዘብ ንከማሓድሩ ወትሩ ንኺልኦት ሰባት እዮም ዚህቡ ነይሮም። ብዛዕባ ሓላፍነት ብምምሃርን ባዕላቶም ኣብነት ብምኺንን፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰባትን ብዘይ መንቅብ ዓይዮም። ሓድሓደ መራሕቲ ብገንዘብ ካልኦት ኪብለጹን፣ ከምኡን ብዛዕባ እቲ ንኣግልግሎት እተዋህበ ገንዘብ ዚምልከት፣ ነቶም ካልኦት ናይ ኣምላኽ ሰባት ኪጠልምዎም ክእይ እንከለኹ እጉሂ። ፍቕሪ ገንዘብ ንሓደ መራሒ ከምዘባላሹን ንመንግስቲ የሱስ ንምግልጋል ዘለዎ ክእለት (ብቕዓት) ከምዘዛብዕን፣ ንብዙሓት መራሕቲ ድማ ንመምዘኒ ኣምላካኻውነት (ፍቕሪ ኣምላኽ) ዘይብቕዓት ከም ዚገብርን እኣምን። ኣገልገልቲ (መራሕቲ) ዚናበይ ስድራ ከምዘልውዎምን፣ ካብቲ ዘገልግልዎ ህዝቢ ደገፍ (ሓገዝ) ኪጽበዩ ቅኑዕ ምኺኑ እኣምን። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ህዝቢን፣ ነቲ ብሓላፍነት እተዋህበኒ ገንዘብ ብዘይ ምንቅብ ከምሓድር ዘኽእለኒ ጸጋ ንክረክብ ብጥሕትና እጽልይ (እልምን)። (ማቴ 6፣15-34, ሉቃ 16፣14-15, ግብ 4፣32-5፣11, ግብ 6፣1-7, ግብ 20፣25-35, 1ቆረ 9፣1-18, 2ቆረ 8፣16-22, 1ጢሞ 6፣9-11, 1ጴጥ 5፣2-3, ይሁዳ 11፣12)

10. ሓርቢ ወይኒ ሒዘ ከገልግል እየ

ስርዓታትን ማሕበራትን (ሓርቢ ወይኒ) መሳርሒ ኣብያተ ክርስትያናትን ኣገልግሎታትን እዩ። ኣብ እዋን የሱስ እቶም ፈሪሳውያንን ጸሓፍትን ነቲ ዝነብሮም ናይ ባህልን፣ ዉድብን፣ ሕግን፣ ስነ-ሃይማኖትን፣ ሓርቢ ወይኒ ሒዞም ክቃወምዎ ክርኢ ከሎኹ የደንቕኒ። ብተመሳሳሊ ድማ ኣብ እዚ እዋንዚ ብዙሓት መራሕቲ፣ ተኣዛዝነት ህዝቢ ኣብ ክንዲ ናብ የሱስ፣ ናብ ገዛእ ርእሶምን፣ ማሕበሮምን፣ ኣገባቦምን፣ ሃይማኖታዊ ስርዓቶም ብምስሓብ፣ ኪፍተኑን ካብኡ ሓሊፉ'ውን ኪንብርኽኹን ክርእይ እንከለኹ እሓዝን። ሓድሓደ እዋን፣ መራሕቲ ባዕላቶም ገብርቲን ሓደግቲን ኪኾኑ ብምድላይ፣ ቁጽጽሮም ዓብላልቶምን ንምድልዳል፣ ደረጃታትን መዓርጋትን ኪፈጥሩ እንከለዉ እዕዘብ። ኣብ ህዝቢ ክትጉይተት ወይ'ውን ሕንጸጻትካን ራእይካን ወይ ድማ ዉድባዊ ትእዛዝካን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ምጽዋንን፣ ንህዝቢ ምዕማጽን ቀሊል እዩ። ንገዛእ ርእሰይ ከንጽህን፣ ንንጉሰይ ድማ ብቅድስናን ብሕያዉነትን ከገልግልን ከምኡ ድማ ነቶም ዘገልግሎም ሰባት ምስ ክርስቶስ ቀሪቦም ዚጉዓዙ ምእንቲ ክገብር ሃረር እብል። (ማቴ 23፣13-33, ዮሃ 11፣47-48, 53, ግብ 20፣18-35, ፊሊ. 2፣19-21, ያእ 4፣13-16, 1ጴጥ 5፣2-3, 3ዮሃ 9-11)

መደምደምታ

ኣብ ጎድኒ እቶም ቅድመይ ዚተጉዓዙ መራሕቲ ደው እብል ኣለኹ። ንሳቶም ፍጹማት ኣይነበሩንሞ፣ ኣነ'ዉን ከምኣም። ብመሰረት እቲ እተማህርዎ መሪሖም፣ ጎይታ ድማ ብጸግኡን ሕያውነቱን ብኣኣቶም ኣቢሉ መንግስቱ ከም ዚስጉምም ገይርዎ።

መራሒ ኮይነ ፣ እተጋገኽዎን ዘጉደልክዎን ፣ ኣብ ቅድሚ'ቲ ጎይታይ የሱስ እእመን ኣለኹ። ከም የሱስ ኮይነ ንክመላለስን፣ ካልኦት ከም ናተይ ዚገብሩ ንክፍሪን ኣብ ቅድሚ ኣቦን፣ ወድን፣ መንፈስ ቅዱስን ትሕትና ቃል እኣቱ ኣለኹ። እግዚኣብሄር ኪዳኑ ንክሕልው ብጸጋኡን ብምሕረቱን ይደግፈኒ። ኣሜን!

ምስቶም ኣብ ምሉእ ዓለም ዚርከቡ መራሕቲ ብምሕባር፣ እዚ ኪዳን እዚ እኣቱ ኣለኹ።

ክታም፣ _____

ዕለት፣ _____

ምስክር፣ _____

ምስክር፣ _____

ኣብ ናይ ጸሎት መንፈስ ኮይንካ ነተን እተጠቕሳ ቅዱሳን ጽሑፋት (ጥቕስታት) ምምርማር ሓጋዚ እዩ።

እዚ መልእኽቲ'ዚ ንክልኦት ንክትዝርግሑ ነተባብዓኩም። ኤለትሮኒካዊ ቅዳሕ ካብ www.mentorlink.org. ኪርከብ ይክኣል። ገለ ለውጢ (ምምሕያሽ) ክይገበርካ ነዚ"ኪዳን መራሒ" እተሰምየ ጽሑፍ፣ ምብዛሕ ፍቕድ እዩ።

MentorLink INTERNATIONAL

ኪዳን መራሒ

ሽዑ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ በሎም፡ "ንህይወቱ ኼድሕና ዚደሊ ኼጥፍኣ እዩ። እቲ ንህይወቱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ኸኣ ኪረኽቦ እዩ እሞ፡ ኪስዕበኒ ዚፈቱ እንተሎ፡ ህይወቱ ቐቢጹ፡ መስቀሉ ኣልዒሉ ይስዐበኒ። *26* ንሰብከ ኾላ ዓለም ረቢሑስ፡ ነፍሱ እንተ ኣጥፍኤ፡ እንታይ ትጠቕሞ፧ ወይስ ሰብ በጃ ነፍሱ እንታይ ኪህብ እዩ፧ *27* ወዲ ሰብ ብኽብሪ ኣቦኡ ምስ መላእኽቱ ኺመጽእ እዩ እሞ፡ ሽዑ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ኺህቦ እዩ።" ማቴ 16፣24-27

መእተዊ

ነቲ ኣብ ማእከል ህዝቡ ከም መራሒ ኮይነ፣ ንየሱስ ክርስቶስ ኬገልግሎ ዚጸዋዓኒ እግዚኣብሄር ስብሓት ይኹኖ። ኣሰር እቲ ጎይታይን መራሒያይን ዚኾነ የሱስ፣ ብኹኑ ኣነባብራይ፣ ህዝቢ ኣብ ምምራሕን፣ መራሕቲ ኣብ ምፍራይን ንክስዕብ ብምሉእ ልቢይ እደሊ። ከም መራሒ ንየሱስ ብምምላል ክዓቢን፣ ነቶም ምሳይ ዘለዉ ኺልኦት'ውን ከማይ ንኪኾኑ ክሕግዝን ድልየት ከምዘሎኒ ኣረጋግጽ። ብጸጋ እግዚኣብሄር፣ ከም ክርስቶስ ኮይነ ክመላለስን ንህዚብ ክምርሕን ንርእስይ እዉፍይ።

ኣስተውዕል፣ እዚ ምስ ጎይታ ኪዳን ዚኣቱ መራሒ፣ ጓሳ ማሓበር፣ ሃዋርያ፣ ሽማግለ ማሕበር፣ ኣቡን፣ ዲያቆን፣ ወንጌላዊ፣ መምህር፣ ምስዮናዊ፣ ነብይ፣ መራሒ ዕዳጋ፣ መራሕ ንእሽቶ ጉጅለ፣ መራሕ ኣብ ኣባይቲ ዚግበር ኣገግሎት፣ ወይውን ዝኾነ ከም ክርስቶስ ኮይኑ ህዝቢ ኪመርሕ ዚደሊ ሰብ ኪኸውን ይኽእል። እዚ ድማ፣ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ፣ መንእሰይ ወይ ሽማግለ፣ ኪኸውን ይኽእል።

1. **ተሓታትነተይ ንየሱስ እዩ።**

ሓላፍነተይ ንየሱስ ጎይታይ እዩ። ንሱ ስራሕይ ገምጊሙ ዓስቢ ይህበኒ። ኣነ ንናይ ኣገልግሎት ህይወትን፣ ንፍስሃን፣ ንመስዋእትነት ጎይታይን፣ ንመግስቱን ህዝቡን እተጸዋዕኩ እዩ። ኣነ፣ ነቶም ህይወቶም ከይተረፈ በጃ ጎይታይ የሱስ ብምሃብ ኣገዳሲ (ዕዙዝ) መስዋእትነት ዚኸፈሉ ኣብ መላእ ዓለም ዚርከቡ መራሕቲ፣ ኣድንቕም። ነቶም ንጎይታን ንህዝቡን ዘገልግሉን ስሌኦም መስዋእቲ ዝገብሩን ሰባት እግዚኣብሄር ዓስቦም ስለዚህቦም በዚ እሕጎስ። ገለ መራሕቲ፣ የሱስ ኣብ ኣገግሎቶም ገለ ነገር ከም ዘይምልከቶ ጌሮም ኪዋስኡ ከለዉን፣ ከምኡ ድማ ንህዝቦም (ንምእመኖም) ዘለዎም ኣታሓሕዛን ኣመራርሓን ክርእይ ከሎኹ ኣጉሂ። ብህዝቢ ምእንቲ ኪረኣዩ ሓድሓደ ነገር ብምግባር፣ ምድራዊ ዓስቦም ተቐቢሎም እዮም። ኮይኑ ግን፣ እቲ ብሕቡእ ዚርእይ ኣምላኽይ ነቶም

ቅኑዕ ዝገብሩ ሰብ እካ እንተዘረኣዮም ብቕሉዕ ከም ዜኽብሮምን ከም ዚክሕሶም እፈልጥ'የ። ኣብ ኣመራርሓይ፣ ንጎይታይ ከሐጉስ (ከስምር) ዘኽእለኒ ትብዓትን፣ ድፍረትን፣ እምነትን ክወሃቢ ብትሕትና እልምን (እጽልይ)።(ማቴ 6፣1-6, ማቴ 16፣24-27, ሉቃ 18፣28-30, ዮሃ 5፣22-23, ፡ቆረ 3፣10-15, ፡ቆረ 4፣5, 2ቆረ 4፣11-18, 2ቆረ 5፣9=19, 2ቆረ 10፣12-18, 2ጢሞ 4፣1-8)

2. ከም የሱስ ክነብር እየ።

መራሒ ንምኺን፣ ከም ናይ የሱስ ዓይነት ባህሪ የድሊ። እዚ ድማ ከም ናይ የሱስ ኣካይዳ ብምኻድ ኪዕቀብ ይኽእል። ከምቶም ኣብ እዋን የሱስ ዝነበሩ ፈሪሳውያን ዝዓይነቱ ኣካይዳ ካብ ምኻድ ክቕጠብ እየ። ንሳቶም ነቲ ደጋዊ ናይ መራሕነቶም ተራ ፍሉይ ኣቓልቦ ዝሃቡ፣ ብልቦምን ብጠባዮምን ግና ካብ ኣቦ ዝረሓቕ ነይሮም። ኣብ ዘመንና ጸታዊ ፈተናታን ኣብ ኩሉ ስፍራ ከምዘሎ እእመን። ኮይኑ ግን፣ ጎይታና ብሓሳብና ኮነ ብተግባርና፣ ብንጽህናን ብቕድስናን ክንመላለስ ይደልየና። ገለ መራሕቲ፣ ሓድሓደ እዋን ኣብ ቅድሚ እቶም ከገልግልዎም ዝደልዩ ህዝቢ፣ ብዘይ ቅንዕናን ሓቅን ኪመላለሱ ክርእይ ከሎኹ እሓዝን። ሐድሓደ እዋን፣ ገለ ,መራሕቲ ንካልኣት መርሓቲ ብዓይኒ ቅንኢ ክጥምትዎምን ከጸልምዎምን፣ ካብኡ ሓልፉ ድማ፣ ኣብ ነንሕድሕድ ምፍልላይ ክፈጥሩን እቲ ምክፍፋል ከም ዚቕጽል ኪገብሩ ክርእ ከሎኹ ኣዝየ እጉሂ። ኣነ ግና ውሽጠይን ግዳመይን ከም የሱስ ብምኺን፣ ባህርይ የሱስ ድማ ኣብ ልበይን ናብራይ ኪንጸባረቕ እደሊ። (ማቴ 23፣23-28, ዮሃ 15፣1-5, ፊሊ. 1፣15-17, ፊሊ. 3፣ 17-19, ተሰ 2፣1-12, 1ጢሞ 3፣1-13, ቲቶስ 2፣11-15, 2ጴጥ 3፣11-14፣ 1ዮሃ 2፣6)

3. ንየሱስ ከገልግሎ እየ።

የሱስ መንግስቲ ኣምላኽ ማለት ስልጣንን ግዝኣትን እግዚኣብሄር ኣብ ልቢን ህይወትን ህዝቡ እናሰበኸ መጺኡ። ብኣንጻሩ፣ ሰብኣዊ ባህሪ፣ መራሕቲ ናይ ዝእእ ርእሶም "ንግስነትን" "ግዝኣትን" ንኪምስርቱ ይድርኾም። ገለ መራሕቲ ክብሪን ኣድናቕትን ካብ ሰብ ብምድላይ፣ ከም ዉጽኢቱን ድማ እቲ ንየሱስ ዚግባእ ኣቓልቦ ናብ ዝዝእ ርእሶም ኪስሕቡ ክርእይ ከሎኹ እጉሂ። ተልእኾይ፣ ሕጊ የሱስ ምህናጽን፣ ሕጉ ድማ ኣብ ልቢ ህዝቡ ኪገዝእ ምግባርን ምኺኑ አረጋግጽ ኣሎኹ። ንየሱስ ብምግልጋል፣ ንስድራይ ብመገዲ ኣምላኽ እናገልግለኩን እናናበኹን ክነብር ከም እተጸዋዕኩ እእመን ኣሎኹ። ንየሱስ ብምሉእ ልበይ ከገልግሎ እደልይ እየ። (ማቴ 5፣1-12, ግብ 28፣30-31, 2ቆረ 4፣1-2, ፊሊ.2፣19-23 1ጢሞ 3፣1-5, 2ጴጥ 2፣1-3, 3ዮሃ 9፣11)

4. ከም ኣመራርሓ የሱስ ክመርሕ'የ ።

ጎይታና ናብ ምድሪ ምስ መጸ፣ እቶም ኣብ መንግስቱ ዚርከቡ መራሕቲ (ኣገልገልቲ) ኪገብርዎን ኪኾንዎን ዝደልዮ ቅዲ ህይወት፣ ባዕሉ ኣርእያ ብምኺን ምሂሩ። ብትሕትናን ህድኣትን እናዓየና መስቀልና ኣብ ጸጽባሕ እናልዓልና፣ ንሰባት ብትሕትናን ሕያውነት ንክንጥምት ከምዚግብኣና ምሂሩ። ብስልጣኑ ንማንም'ኳ ኣየገደደን። የሱስ ነቲ ስልጣኑ ንምምራሕን፣ ንበረኸትን፣ ንረብሓን እቶም ዝመርሖም ዝነበረ ሰባት እዩ ተጠቒሙሉ። ንዓና ድማ ብከምዚ ኣገባብ ክንመርሕ ይጽዉዕና። ብዙሓት መራሕቲ፣ ነቲ እተዋህቦም ስልጣን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ንምጉይታት ይጥቀሙሉን፣ ኣብ ክንዲ ኣምላኻዊ ፣ ሓይሊ ዝመልኦ ዓለማዊ ቅዲ መሪሕነትን ልምዲታትን ክብሪታትን ይጥቀሙ። ገለ መራሕቲ፣ ዋላ'ኳ ቅኑዕ ዝኾነ ሰረተ-እምነት ይምሃሩ፣ ኣብ ኣመራርሖኦም ግና ክርስቶሳዊ (ከም ናይ ክርስቶስ) ዝዓይነቱ ህይወት ስለዘይነብሩ፣ እሓዝን። ተግባራቶም፣ ነቲ የሱስስ ብዛዕባ መርሒነት ዝመሃሮ ትምህርቲ ብምዝምባዕ፣ ነቲ ከገልግልዎ እተጸዉዑ መጓሰ ኣብ ምድንጋር የእትዎ። ክርስቶሳዊ (ከም ናይ ክርስቶስ) ዝዓይነቱ ኣመራርሓ ንክመርሕ ዘኽእለኒ ልቢ ኪወሃበኒ ብትሕትና እልምን (እጽልይ)። (ማቴ 18፣1-4, ማቴ 23፣1-12, ማር 10፣42-45, 2ቆረ 11፣12-21, 2ጢሞ 3፣1-13, እብ 1፣1-2, 1ጴጥ 5፣1-5)

5. መራሕቲ ክፍሪ እየ።

ሓደ ካብቲ ቀንዲ ቀዳምነታት የሱስ፣ መራሕቲ ምፍርይ እዩ ኔሩ። ኣብ ብዝሒ ዘይኮነስ፣ ኮነ ኢሉ፣ ኣብ ሒደት ብምትኳር እዩ መራሕቲ ኣፍርዩ። እዚ የሱስ መራሕቲ ንምፍራይ እተጠቀመሉ ኣገባብ ብምጥቃም፣ ምስቶም ተስፋ እተገብረሎም ሰብኡትን ኣንስትን ዝቕረበ ዝምድና ንከማዕብልን፣ ንኣታቶም ንምኩስኳስ (ንምስልጣን) ግዜይ ንክወፍይ ከምዝድርኸኒን አረጋግጽ። ብኸያት (ሃረርታ) ልቢ ኣብ መላእ-ዓለም ዚርከቡ ሓያለ መንእሰያት መራሕቲ፣ መፈሳዊ ኮስኮስቲ (ኣሰልጠንቲ) ንምርካብ መኺኑ አረጋግጽ። ንቅዱሳት፣ መፈሳዊ ኣገልግሎት ንኽገልግሉ ዕጥቂ ብምዕጣቕ፣ ናብቲ መንፈስ ቅዱስ ዝመርሖም ከም ዚኸዱን ከዘገልግሉን ምግባር ናተይ ጸውዒት ምኺኑ እእመን። ብዙሓት መራሕቲ ነዚ ቀዳምነት (ዕላማ) እዚ ዕሸሽ ከም ዚብሉ እፈልጥ እየ። ንቅዱሳት፣ ኮነ ኢሉ ብዕላማ መፈሳዊ ዕጥቂ ዘዐጥቕን፣ ንልቢን ህይወትን መንእሰያት መርሓቲ ዘደልድልን፣ ጸጋን ምስትውዓን ኪወሃቢ እሓትት(እጽልይ)። ማቴ 4፣18-22, ማቴ 28፣16-20, ሉቃ 6፣12-16, ዮሃ 17፣6-19, ግብ 11፣22-26, ግብ 15፣39-16፣5, ኤፌ. 4፣11-16, ፊሊ. 2፣19-30, 2ጢሞ)

6. ገጽ የሱስ ክደልይ እየ።

ጎይታና ነቶም ብትሕትናን፣ ኣብኡ ብምዉካልን፣ ዚመላለሱን ከምኡ ድማ ብሕበረት ገጹ ዚደዩን፣ የድቕምን የኽብሮምን። ምስ እግዚኣብሄር ኣቦ ብዉልቅና ወርትግ (ብስሩዕ) ግዜ ከነሕልፍን፣ ብጸሎት ልቡ ክንደልይን ምስኡ ሕብርት ክንገብርን ከም ዝግብኣና፣ የሱስ ኣርኣያ ኮይኑና እዩ። ነዚ ድማ፣ ሓያሎ ዝዉጥጥ ነገራትን፣ ብዙሕ ጸቕጢታትን ኣብ ዝነበሮን፣ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ዘይምእምእ ኩነታትን ከይተረፈ እዩ ገይርዎ።ኣብነት የሱስ ብምስዓብ፣ ብዉልቀይ ብስሩዕ ምስ እግዚኣብሄር ኣቦ ሕበረት ክገብርን፣ ብጸሎት ገጹ ክደልይን እየ። እዚ ከም ዘስምሮን (ዘሐጉሰን)፣ ምስኡን፣ ምስ መገዱን፣ ምስ ፍቓዱን፣ ድማ ብዝያዳ ንክወሃሃድ ከም ዘኽእለንን እፈልጥ።ነፍሰይ ምእንቲ ክሃንጽ፣ ስሩዕ ዕለተ- ዕረፍቲ (Sabbath) ብምዉሳድ ከምቲ ሰብኣዊ ዓቕመይ'ውን ክነብር እደልይ እየ። እዚ ማለት ድማ ካብቲ ኣብ መዓልታዊ ህይወተይ ዘሎ ጽቕጥታት (ሓልዮት ሓዳር) ንእዋናት ብምፍላይ ምኻኑ እፈልጥ እየ። ሃረርታ ልበይ፣ ክሳብ ናብቲ ሰማያዊ ቤተይ ዚወስደኒ ወይ ድማ ክሳብ ብግርማኡ ዚምለስን፣ ንየሱስ ንከገልግል እዩ። ብጸጋኡ ገጹ ከናዲ እደልይ። (ኢሳ 66፣1-2, ማቴ 14፣23, ማቴ 26፣36-39, ማር 1፣35-39, ሉቃ 4፣42-43, ሉቃ 5፣16, ፊሊ. 4፣5-7, 1ጴጥ 5፣6-8)

7. መፈሳዊ ፍሪ ከናድይ እየ።

ኣነ መንፈሳዊ ፍር ክፈሪ እየ ተሓርየ። መንፈሳዊ ፍረ ዚርከብ "ኣብኡ ብምጽናዕ" ከም ዚኾነ የሱስ ምሂሩን፣ ነዚ ባዕሉ ኣብነት ኮይኑን እዩ። ሰብኣዊ ጥበብ (ዉሕልነት) ኮነ፣ ባዕለይ ዝፈጠርከዎ ጸቕጢ ብምጥቃም፣ ኣብ ህይወት ሰባት መንፈሳዊ ዉጽኢት ወይውን መንፈሳዊ ለውጢ ከምጽእ ከም ዘይክእል እእመን። ናተይ ተራ፣ በቲ እተዋህበኒ ህያብን ጸዉዒትን፣ ብተኣማንነት ገዛእ ርእሰይ ንሰባት ክወፍይን፣ ነቲ ዉጽኢት (ፍረ) ዝምልከት ድማ ንእግዚኣብሄር ምግዳፍ እዩ። ሃረርታ ልበይ፣ ንክብሩ ብዙሕ ፍረ ምእንቲ ክፈርይ፣ የሱስ ክጥቀመለይን፣ ንየሱስ ብምገዱ ክስዕቦን፣ ብምንፈስ ክመላለስን፣ ኣብኡ ክጸንዕን እዩ። (ማቴ 7፣15-20, ማቴ 16፣21-23, ዮሃ 15፣1-11, 1ቆረ 3፣5-9, 2ቆረ 1፣12, 1ጢሞ 4፣6, 1ዮሃ 2፣3-6)